# መግለጺ ጉባኤ ጨንፈር ሆላንድ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
19.07.2009

ጉባኤ ጨንፍሩ ሆላንድ ‘‘ስምረት ሓይልታት ተቓውሞ እምነ ኵርናዕ ዓወትና’’ ኢዩ ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ብዕለት 11.07.09 ጉባኤኡ ኣሰላሲሉ።

ጉባኤኛ ኣብ ሰዓቱ ተረኺቡ ነቲ ብኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝቐረበ ፖለቲካዊ ጸብጻብ ብዕምቈት ተኻቲዑ።

ጉባኤ ነቲ ፖለቲካውን ቁጠባውን ስርርዓውን ሸነኻት ሰልፍና ኣዕሚቑ ድሕሪ ምዝታይ፡ ነቲ ጨንፈርና ክገብሮ ዝከኣል ዘበለ  ዘይሕለል ሱታፌን ጽንዓትን ተወፋይነትን ከርኢ ምዃኑ  ኣሚቱ። ብፍላይ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ነፍስና ክንቅየርን ባህሊ ናይ ምክብባርን ምጽውዋርን ተዓጢቕና ቅርሕንትን ጽልእን ብምውጋድ ናይ ሓቢርካ ምንባር ስነምግባር ክነማዕብል ከምዘሎና መዚኑ።

ጉባኤ ነቲ  ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ዝግበር ቃልሲ ንበይኑ ከም ጨንፈር ዝገበረ እነተገበረ ከዐውቶ ከምዘይክእል ብምእማት፡ ምስቲ ኩሉ ሓይሊ ተቓውሞ ብምውህሃድን ብምስምማዕን ኣቢልካ ናይ ስልጣን ዋንነት ንህዝቢ ምርካብ ዝብል እምንቶ ሰልፍና ክንክተልን፣  ምስ ኩሎም ኣብ ሆላንድ ዝርከቡ ኣባላት ውድባትን፡ ሰልፍታትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ክፉትን ቅኑዕን ርክባት ከነካይድን፣ በዚ ኣቢልና ድማ ንኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ዘሐይል፡ ንመስርሕ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ድማ ዘቀላጥፍ፡ ዕማማት ከነካይድ ኣዝዩ ተደላዪ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ጉባኤ ብጉዳይ መንእሰያት ኣልዒሉ ኣብ ዝተዛረበሉ፡ መንእሰያት ሽግሮም ፈሊጥና ክነተባብዖምን ንሃገራዊ ጉዳይ ብዝምለከት፣ ወረስትን ተቐበልቲ ሕድሪ ንሶም ምዃኖም ክነፍልጦም ጸዓታት ክካየድ ውሲኑ።

ጉባኤ ጨንፈር ንኩሎም ኣብ ዝተፋላለየ ብመዳይ ተሓባበርትናን ደገፍትናን ኤትራውያን ኣናኣሞጎሰ ብፍላይ ከኣ ነቶም ኣብ ጉባኤ ክሳተፉ ዘይካኣሉ ብመልክዕ ውሽጣዊ ስርርዕ ተወዲቦም ዘለዉ ኣባለት ሰልፍና ንጽንዓቶምን ተወፋይነቶም ጉባኤ ሞጎሱ ኣቕሪቡ።
ጉባኤ ጨንፈር ንደገፍትና መሓዙትናን ሆላንዳውያን ብዝገበሩልና ድገፍ እና ኣሞጎሰ ብፍላይ ድማ ንመሪሕነቱን ኣካይድቲ ስርሓትን ክልተ ማሓዙት ማሕበራት ድያኮናል ፓውሎስ ከርክን(Diaconale Paulus Kerk) ስቲኽቲንግ ከርክለክ ሶሻለ ኣርባይድን (Stichting Sociale Arbeid  ነቲ ኣዝዩ ፍሉይን ልዑልን ዝኸነ ንዋታውን ሞራላውን ድገፎም ኣናኣመጎሰ፡  ነቲ ካብ 1982 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ዕለት ነቲ ኣብ ድያኮናል ፓውሎስ ከርክን(Diaconale Paulus Kerk)  ንሰብኣውን፡ ማሕበራውን ባህላውን ኣገልግሎት ህዝብና ንጥፈታት ክነሳላስለሉ  ብነጻ  ሂቦምና ዘለዉ ቤት ጽሕፈት ናገልግሎት ህዝብና ወሳኒ ተራ ክምዘለዎን መናሃርያ  ኣገልግሎት ህዝብናን ኮይኑ ከምዘሎን ኩሉ ጉባኤኛ ብጨብጨባ ሞጎሱ ኣመዝጊቡ። ብተወሳኺ ጉባኤኛ ነዞም ክለት ማሓዙት ማሕበራት ከም ቀደሞም ኣብ መብጻዓኦም ደው ኣሎም ክሳብ ህዝብና ካብዚ ኣሰቃቅን ኣሕዛንን ኩነታት ዝላቀቕ ደገፎም ከኻዕብቱ ጻዊዒቱ ኣቕሪቡ፡

ጉባኤ ነቲ ኣብ መስርሕ ሓድነት ዝከይድ ዘሎ ውድባት ደምበ ተቓውሞ ዝምስገን ምዃኑ ርእዩ። ስምረት ክልቲኡ ሰልፍታት እውን ናብ መደምደምታኡ ክበጽሕ ጉባኤኛ ዝከኣሎ ዘበለ ከበርክት ምዃኑን ነቲ ምንቅስቓስ ዲሞክራሲያዊ ተቓውሞ ኤርትራ ጋሽ ሰቲትን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ዝወሰድዎ ተባዕ ስጉምቲ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ቃልሲ ክሓንን ዝተባብዕን ዘሕብንን ዘኾርዕን ምዃኑ የመጉስ። ብተወሳኺ ነቲ ምስ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዝካየድ ዘሎ ናይ ሓድነት ጉዕዞ እውን ንቕድሚት ክደፍእ ይላቦ። ቀጺሉ ሃገራዊ ዋዕላ ንኽካየድ ዝሸባሸብ ዘሎ ኣኢርትራዊ ደሞክርስያዊ ኪዳን ዓወታት ከሰንዮ እንተመነዩ፡ ኩሉ ሓቌፍ ዝኾነ ሃገራዊ ዋዕላ ንምክያድ ዘብቅዖ ለበዋታት፡ ብመንገዲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣቢሉ ኣመሓላሊፉ።

ብድሕሪዚ ጉባኤኛ ነቲ ፖለቲካዊ ጸብጻብ ዝውሰኽ ወሲኹ ብምሉእ ድምጺ ኣጽዲቑ ንጨፈር እትመርሕ ሓሙሽተ ዝኣባላታ መሪሕነት ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ብምምራጽ ጉባኤ ዛዚሙ።

ዓወት ንስምረታዊ ጉዕዞ
ውድቀት ንዓንቀፍትን ስርዓት ህግደፍን
ክብርን ዝኽርን ንምእንቲ እዛ ሃገር ደሞም ዝኸስከሱ ሰምእታት ኤርትራ

ጨንፈር ሆላንድ